# ሓበሬታ ንኩሎም ኣባላት ማሕበረ ኮም ሳን ሆዘን ከባቢኣን

ኩላትና ከምንፈልጦ፡ ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ ዝቕመጠሉ ወይ ዝነብረሉ ቦታ ውሑዳት ጸረ ሓድነትናን ህላወናን ዝኾኑ ከዳሞ ኤርትራውያን ጸረ ሓድነት ተግባሮም ካብምቅጻል ድሕር ኣይበሉን። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ከተማና ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ኣስማት እንዳቐያየሩ፡ እተፈላለየ ሕብሪ እንዳተለኸዩ ሓድነትና ንምዝራግ ክፍትኑ ጸኒሖም ኣለውን። ግን ህዝብና ነዚ ረብሓና ዝትንክፍ እኩይ ናይ ተበለጽቲ ተግባር እዚ ኣጸቢቑ ስለ ዝነቕሖ፡ በብዝመጸ ክቃለሶን ተቓሊሱ ከፍሽሎን ጸኒሑን ኣሎን። ብድሕሪ ሕጂውን ሓድነቱ ኣደልዲሉ፡ ንዝኾነ እከይ ተበግሶኦም ክቃለሶን ከፍሽሎን ከምዝኾነ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዚ፡ ናብቲ ሓበረታና ክንምለስ፡ እነሆ ድማ ሕጂ ህዝብና ናብ ዝዓበየ ጥሙር መኸተ እንዳተሸባሸበ ከሎ እቶም ጸረ ህዝብን ሃገርን ዝኾኑ ባእታታት ከም ኣመሎም ንቀዳም፡ 13 ለካቲት 2010 ዓ/ም ብስም ኤርትራዊ ኮሚኒቲ ኣብ ሳንታ ክላራ ፈላላይን ገማማዕን ዝኾነ ኣዕናዊ ምትእኽኻብ ከካይዱ ይዳለዉ ኣለዉ።

እዚ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጠጀአ ጸረ ሓድነት ተበግሶ እዚ ሓድሽ እኳ እንተዘይኮነ ነቲ ነካይዶ ዘለና መሰል ኤርትራውያን ናይ ምሕላው ቅዱስ ዕላማ ማእዘን የስሕት ዶኾን ይኸውን ተባሂሉ ዝተማህዘ ሕሱር ተበግሶ እዩ። ነዚ ፍሹል ዘመተ ብድሕሪት ኮይኖም ዘንቀሳቕሱ ዕሱባት በዓል መን ከምዝኾኑ ዘይፈልጥ ሰብ ከምዘየለ ርዱእ እኳ እንተኾነ፡ ኣብዚ ሕሱር፡ ዘይቅዱስን፡ ፈላላይን ዝኾነ ምትእኽኻብ ብቐጥታ ምስታፍ ኮነ ብድሕረ መጋረጃ ምድጋፍ ጸረ ረብሓናን ጸረ ህላዌናን ስለዝኾነ፡ ዝኾነ ኤርትራዊ ከም ቀደሙ ክኅርሓሉን ክነቕሓሉን ከምዘለዎ ኣጥቢቕና ነማሕጽን። ነዚ ምሕጽንታ ዕሽሽ ኢልካ ነዚ ንመንነትናን ረብሓናን ዝጻባእ ዕላማ ምድንጋጽ ተመሊሱ ሕልናኻ ዝወቅስን ዘሕትትን ጉዳይ ስለዝኾነ ኣቒዲምና ክንሓስበሉ፡ ሓሲብና ድማ ብትሪ ክንቃወሞን ከነፍሽሎን ይግባእ።

ማሕበረ ኮም ኤርትራውያን፡ ሳን ሆዘን ከባቢኣን

ኣካያዲት ሽማግለ


Eritrean Community Center

435 Park Ave San Jose, CA 95110

(408) 280 1321